# ንስማርትፎንካ ክትመልካ ትደልይ ዲኻ? ስለዚ ኣብ DigiKlik ስልጠና ተኸታተል!



***ኣብ ኢንተርነት ሓበሬታ ናይ ምድላይ ብቕዓትካ ከተመሓይሽ ትደልይ ዲኻ? ከምኡ እውን ስማርትፎንካ ኣብ ምንታይ ክትጥቀመላ ከም እትኽእል ክትፈልጥ ትደልይ ዲኻ? ስለዚ ኣብ ስልጠናታት ናይ DigiKlik ተሳተፍ!***

VluchtelingenWerk Nederland

# ብስማርትፎንካ ስልጠና ተኸታተል

**ብኢንተርነት ሓበሬታ ንምድላይ ወይ ስማርትፎንካ ንኽትጥቀም የጸግመካ ድዩ? ስለዚ ኣብ ስልጠናታት DigiKlik ናይ VluchtelingenWerk Nederland (VWN) ተሳተፍ። ሽዑ ናይ ስማርትፎንካ፣ ላፕቶፕካን ኢንተርነትን ኣጠቓቕማኻ ንኸተመሓይሽ ክትመሃር ኢኻ።**

ኣብቲ ስልጠና ብናይ ባዕልኻ ስማርትፎን ኢኻ እትመሃር። ብኽምዚ ድማ ድሕሪ እቲ ስልጠና ኣብ ገዛኻ ልምምድ ክትቕጽል ትኽእል። ነቲ ስልጠና ብቋንቋ ዓረብ፣ ፋርሲ፣ ቱርኪን ትግርኛን ክትከታተሎ ትኽእል ኢኻ።

**ባዕልኻ ዝሰማማዓካ ስልጠና ምረጽ**
እቶም ስልጠናታት ንዝኾነ ክወሃሃድ ዘለዎ፣ ወይ ድሮ ምውህሃዱ ንዝዛዘመ ሰብ ዝዓለሙ እዮም። ኣየናይ ዓይነት ምውህሃድ ትገብር ከምዘለኻ ወይ ከምዝገበርካ ብዘየገድስ። ሰለስተ ኣኼባታት ዝሓቖፉ 3 ስልጠናታት ኣለዉ። ካብቶም 3 ስልጠናታት ኣየናይ ብዝበለጸ ዝሰማማዓካ ምኳኑ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። እዚኦም እቶም ሰለስተ ክትመርጾም እትኽእል ስልጠናታት እዮም፡

1. ስማርትፎንካ ብኸመይ ብዝበለጸ ከም እትጥቀመላ ክትመሃር ትደልይ ዲኻ? ስለዚ ስልጠና 1 ክትከታተል ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ስማርትፎንካ ብኸመይ ከም እትጥቀመላ ክትመሃር ኢኻ።
2. ኣጠቓቕማ ናይ ኢንተርነት መሳርሒታት ክትመሃር ትደልይ ዲኻ? ስለዚ ኣብ ኢንተርነት ሓበሬታ ምድላይን ኣጠቓቕማ መሳርሒታትን እትመሃረሉ ስልጠና 2 ክትከታተል ትኽእል ኢኻ።
3. ብኢንተርነት ምስ መንግስቲ ጉዳያት ንኸተዋድድ ክትመሃር ትደልይ ዲኻ? ስለዚ ስልጠና 3 ክትከታተል ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ንኣብነት፡ ብኸመይ ብኢንተርነት ኣብ ሆስፒታል ቆጸራ ከም እትሕዝ፣ ወይ ድማ ኣበይ ብኢንተርነት መመልከቲ ግብሪ ከተቕርብ ከም እትኽእል ክትመሃር ኢኻ።



ብመንገዲ እዞም ስልጠናታት ኣብ ኔዘርላንድ ብኢንተርነት ምስታፍ ትመሃር። ስለዚ ድማ መንገዲ-Z ትከታተል ምስ እትኸውን ዝተኸታተልካዮም ሰዓታት ምስ ምውህሃድካ ክትቖጽሮም ትኽእል ኢኻ። ምስ ናትካ ውጥን ምውህሃድ (PIP) ዝቑጸር ናይ DigiKlik ዲፕሎማ እውን ክትቕበል ኢኻ።

**ብኽምዚ ኢኻ ንስልጠና እትምዝገብ**
ኣብ ስልጠናታት Digiklik ክትሳተፍ ትደልይ ዲኻ፣ ወይ ዝኾነ ሕቶ ኣለካ ድዩ? ስለዚ ኣብ ጥቓኻ ናብ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት VWN ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ወይ ድማ ናብ digiklik@vluchtelingenwerk.nl ኢ-መይል ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ።

VluchtelingenWerk Nederland